kanton glarus

**Opferberatungsstelle des Kantons Glarus**
Bahnhofstrasse 13
8762 Schwanden

Telefon: 055 646 67 36
E-Mail: opferberatung@gl.ch
www.gl.ch

opferhilfe-schweiz.ch
aiuto-alle-vittime.ch
aide-aux-victimes.ch

# ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ምክልኻል ስጉምትታት/ኣገባባት

## ኣብ እዋን ዘቤታዊ ዓመጽ ብፖሊስ ዝውሃብ ናይ ምርሓቕን ናይ ቦታ ምኽልካልን ትእዛዝ

- ፖሊስ ዓመጽ ወይ ግፍዒ ንዘተግበረ ሰብ ካብ ገዝኡ ወይ ካብ ከባቢኡ ክሶጎን ናብዚ ቦታ ከይመጽእን ክኽልክሎ ይፍቀደሉ እዩ::
- ፖሊስ ነቲ ዝተሰጎገ ሰብ መፍትሕ ናይ ገዛ የሕድግዎ::
- እስኹም ነቲ ናይ ምስጓግ ትእዛዝ ኣብ ውሽጢ 5 መዓልቲ ድሕሪ ምስጓግ ቤትፍርዲ (Zwangsmass-nahmengericht) ን10 መዓልቲ ክተናውሕዎ ትኽእሉ ኢኹም:: ኣገልግሎት ምኽሪ ግዳያት (Opferbe-ratung) ነዚ ዝምልከት ደብዳቤ ንኽትጽሕፉ ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ::
- እዚ ትእዛዝ ቤትፍርዲ ክናዋሕ ምስትሓቱ: ኣብቲ ነዚ ዝምልከት መስርሕ ናይ ቤትፍርዲ ብኣካል ክትቐርቡ ኣይትግደዱን ኢኹም::
- እዚ ን10 መዓልቲ ዝተናውሐ ገደብ ግዜ ከይወደቐ ኸሎ ኣብ ሲቪላዊ ቤትፍርዲ ተወሰኽቲ ስጉምትታት/ኣገባባት ምክልኻል ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም::

## ናይ ምክልኻል ስጉምትታት/ኣገባባት ኣብ ሲቪላዊ ቤትጽሕፈት

- ናይ ምክልኻል ስጉምትታት/ኣገባባት ማለት: እገዳ ምቕራብ: እገዳ ቦታን እገዳ ምርኻብን ይጥርንፍ:: እቲ እገዳ ንኽንደይ ግዜ ምዃኑ ቤትፍርዲ ኢዩ ዝውስን::
- ናይ ምክልኻል ስጉምትታት/ኣገባባት ክትሓቱ ከለኹም: ብዘይ ናይ ምክልኻል ስጉምትታት/ኣገባባት ኣብ ናይ ህይወት ሓደጋ ትርከቡ ምዃንኩም ክተእምኑ ክትክእሉ ኣለኩም:: ቤትፍርዲ ናይ ምክልኻል ስጉምትታት/ኣገባባት እንተዘየፍቂዱ: ክዕረ ዘይክእል ኣሉታዊ ሳዕቤን ከምጽኣልኩም ምዃኑ ክተረጋግጹ ወይ ክተእምኑ ክትክእሉ ኣለኩም::
- መስርሕ ናይ ሲቪላዊ ቤትፍርዲ ብንቡር ነዊሕ ግዜ እዩ ዝወስድ:: ግዝያዊ (መጻንሒ) ስጉምትታት/ትእዛዛት («vorsorgliche Massnahmen») ግን ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም:: ብኸምዚ መንገዲ ዘድሊ ምክልኻል ክትረኽቡ ትኽእሉ:: ነዚ ግዝያዊ ስጉምትታት/ትእዛዛት ዝምልከት ምስርሕ ቤትፍርዲ ቁልጡፍ እዩ::
- ተኽእሎ ናይ ፍሉይ ሓደጋ ምስዝህሉ ወይ ኣብ እዋን ህጹጽ ኩነታት: ናይ ህጹጽ ግዝያዊ (መጻንሒ) ስጉምትታት/ትእዛዛት «superprovisorische Massnahme» ንኽግበር ሕቶ ምቕራብ ይክኣል እዩ:: ቤትፍርዲ ንሰብ ጉዳይ ቃለመጠይቕ ከይገበረ ቀልጢፉ ይውስን:: እቲ ቃለመጠይቕ ጸኒሑ ይትግበር::
- ብጠበቓ ዘይትውከሉ እንተኼንኩም: ምስቲ ፈጻሚ ገበን (ተኸሳሲ) ንኽትራኸቡ (ወይ ፊት ንፊት ክትርኣኣዩ) ተኽእሎ ከምዘሎ ኣብ ግምት ኣእትውዎ::

## ተወሳኺ ናይ ምክልኻል ኣገባባት

- ናብ ገዛ ከይትኣቱ ምኽልካል
- ውልቃዊ ናይ ውሕስነት መደብ (ውጥን)
- መሐበሪ ናይ ሞባይልካ ቦታ ምእላይ
- ቁጽሪ ተሌፎን ምቕያር
- መፍትሕ ማዕጾ ምቕያር

20. Juli 2020